# ነቲ ሓቅታት ፍለጥ።

## ምርመራ COVID-19፡ ንጥዕና ማሕበረሰብ ይሕሉ

ዋላ እውን እንተ ተኸቲብካ፡ COVID-19 ክሕዘካ ይኽእሊ እዩ፣ ሕማም ስለ ዘይስምዓካ ድማ ከም ዝሓዘካ ክትፈሊጥ ኣይትኽእሊን ኢኻ። እንተ ተመርሚርካ ጊና ንሰብካን ንማሕበረሰብካን ንገዛእርእስኻን ክትከላኸሊ ትኽእሊኢኻ።

ሰባት ይከተቡ ኣይከተቡ፡ ይሕመሙ ኣይሕመሙ ብዘየገድስ፡
ጥዕና ማሕበረሰብና ምንእቲ ኽሕሎ ይምርመሩ ኣለዉ።
ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተላይ ዓበይቲ፡ ቈልዑ፡ ሕጻናት
ክምርመሩ ይኽእሉ እዮም።





## መዓስ ክትምርመር ኣሎካ?

- ምልክታት እንተ ኣሎካ
- ኮሮና ምስ ዝሓሶ ሰብ ተራኺብካ እንተ ኔርካ
- ቅድምን ድሕርን መገሻኻ
- ምስ ብዙሓት ሰባት ቅድሚ ምእኻብካን ድሕሪ ምእካብካን
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ስራሕ ግዴታ እንተ ኾይኑ



## ምልክታት

- ረስኒ
- ሰዓል
- ናይ ምስትንፋስ ጸገም
- ምሒር ድኻም ወይ ሓይሊ ምስኣን
- ነድሪ ጎሮሮ
- ንፋጥ ወይ ምዕባስ ኣፍንጫ
- ቃንዛ ጭዋዳታት ወይ ቃንዛ ሰብነት ሕማም ርእሲ
- ርእሲ ሕማም
- ተምላስ ወይ ውጽኣት
- ናይ ምሽታትን ናይ ምስትምቓርን ክእለት ምስኣን

ምልክታት COVID-19ን ምልክታት ኢንፍሉወንዛን ጉንፋዕን ኣመና ስለ ዝመሳሳል፡ COVID ሒዙካ እንተ ኾይኑ እትፈልጠሉ እንኮ መገዲ ምርመራ ብምግባር እዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus

# ኣበይ ክትምርመር ትኽእል?

### ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምርመራ ኣሎ

ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም፡ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ መመርመሪ ቦታ፡ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፡ ኣብ ፋርማሲ ክትምርመር ትኽእል ኢኻ። ብዙሓት ፋርማሲታት እውን ባዕልኻ ኣብ ገዛ ኽትገብሮ ዘኽእሊ መመርመሪ ኣለወን።

### እቲ ምርመራ ብሚስጥር እዩ ዝትሓዝ

ንናይ መንበሪ ወረቐትካ ወይ ናይ ሕክምና ኢንሹራንስኻ ወይ መለለዪ መንነትካ ምህላው-ብዘየገድስ ብሚስጥር ዝትሓዝ ምርመራ ኽትገብር ትኽእል ኢኻ።

## ምርመራ ስልጡን ውሑስን እዩ



### እቲ ምርመራ ብብዙሕ መገዲ ኽግበር ይከኣል እዩ

ብዓል ሞያ ጥዕና ወይ ባዕልኻ ካብ ኣፍንጫኻ፡ ጎሮሮኻ፡ ወይ ጥፍጣፍካ ናሙና ይወስድ።

ገሊኡ ምርመራ ገንዘብ ዝኽፈሎ እዩ ገሊኣ ድማ ብናጻ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ንኽፍሊ ጥዕና ተወከስ።

### ውጽኢት ምርመራኻ ኽትጽበ ከለኻ

ገሊኡ ምርመራ ብኡብኡ ውጽኢት ይቡኻ እዩም፡ ገሊኡ ግና ሓደ ወይ ኻብኡ ንላዕሊ መዓልቲ ይወስድ እዩ።

እንተ ድኣ ሓሚምካ፡ ካብ ገዛ ብዘይምውጻእ፡ ማስኬራ ብምግባር፡ ማሕበራዊ ርሕቀት ብምሕላው ንጥዕና ኻልኦት ሓሉ።

## ኮሮና እንተ ተረኺቡካ

ኮሮና እንተ ተረኺቡካ ወይ ሕማም እንተ ተሰሚዑካ ናብ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ወይ ናብ ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ዘይምኻድ፡ ሓደ ኻብቲ ንማሕበረሰብካ ንኸተዕቋብ እትገብሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ዕረፍቲ ብምግባር፡ ብዙሕ ማይ ብምስታይ ርእስኻ ተኸናኸን፣ እቲ ምልክታት እንተ ገዲዱ ድማ ናብ ሓኪምካ ደውል።

## ኮሮና እንተ ዘይተረኺቡካ

ማስኬራ ብምግባር፡ ማሕበራዊ ርሕቀት ብምሕላው፡ እንተ ሓሚምካ ኻብ ገዛ ብዘይምውጻእ ጥዕናኻ ሓሉ።

እቲ ምክልታት እንተ ዘይሓዲጉካ ወይ ኣድላዪ ኾይኑ እንተ ተሰሚዑካ ንማሕበረሰብካ ምንእቲ ኽተዕቋብ ዳግም ተመርመር።

እንተ ዘይተኸቲብካ ወይ ሓጋዚ ኽታበት እንተ ዘይወሲድካ፡ ምስ ሓወኻ ክትክተብ ትኽእል ኢኻ። መዓስ ክትክተብ ከም እትኽእል ንሓኪምካ ሕተት።



እንተ ዘይተኸቲብካ ቀልጢፍካ ተኸተብ። ተኸቲብካ እንተ ኾይንካ ድማ ጥዕናኻን ጥዕና ኻልኦት ምእንቲ ኽትሕሉ ሓጋዚ ኽታበት ተኸተብ።

## ጥዕናኻ ሓሉ። ጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ። ተኸተብ።